## ኣብ ካናዳ ከተማታት ቶሮንቶ፣ ላንደንን ክቺነርን ኣብ ንድፌ ሕግታት ምርጫን ምቿም ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ዘተ ተኻይዱ።

----------0--------

ኣብ ካናዳ ከተማታት ቶሮንቶ፣ ላንደንን ክቺነርን ልዕሊ 700 ዜጋታት ዝተሳተፍዎ ኣብ ንድፌ ሕግታት ምርጫን ምቿም ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ዘተ ኣብዚ ሰሙን ዚ ተኻይዱ።

ኣብቲ ብኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኣሜሪካ ኣቶ ግርማ ኣስመሮም ተመሪሑ ዝተኻየደ ዘተ፣ ትሕዝቶ ንድፌ ሕግታት ምርጫን ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ውድባትን ንኣኼበኛታት በብዓንቀጹ መብርሂ ተዋሂቡዎም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፣ ኣብቲ ዓንቀጻት ርሱን ክትዓት ድሕሪ ምክያድ ነቲ ተነዲፉ ዘሎ ኣዋጃት ዘህብትም ኣገደስቲ ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣብ ወጻኢ ኣብ ኩለን እተን ኤርትራውያን ዝነብራለን ሃገራት ተመሳሳሊ ኣኼባታት ይካየድ ኣሎ።

ብኻልእ ወገን ኣብ ምዕራብን ምብራቕን ካናዳ ፌስቲቫል ኤርትራውያን ክካየድ እዩ። ኣብ ምዕራብ ካናዳ ኣብ ከተማ ሳስካቱን ብ25ን 26ን ነሓሰ፣ ኣብ ምብራቕ ካናዳ ድማ ንተቐማጦ ቶሮንቶ ዘጠቓልል ካብ 30 ነሓሰ ክሳብ 2 መስከረም ከምዝካየድ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ዜና ሓቢሩ።

***********ኣዜኤ***********